ቤት ምኽሪ ንግድን ዘፈር ማሕበራትን መቐለን ቤት ምኽሪ ዘፈር ማሕበራት መቐለን ብሓባር ንዘካይደኦ ባዛርን ኤግዜብሽንን "ፋሲካ ኤክስፖ 2018 " ሰላም ንምትእስሳር ንግዲ ብዝብል ቴማ ካብ 20 መጋቢት ክሳብ 01 ሚያዝያ 2018 ዓ/ም ተሳተፍቲ ባዛር(Exhibitors) ብናይ ባዕሎም ወፃኢ ሽፊኖም ኣተኣላሊኾም ከቐርቡልና ዝኽእሉ መተሓባበርቲ ፕሮሞተራት(Promoters) ወይ መተኣላለሽቲ ተሳተፍቲ(Sales Agents) ኣወዳዲረን ክቖፅራ ይደልያ::

ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ሕዳር 17, 2018 ( ቅድሚ 3 ወርሒ)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ቀዳም ሕዳር 27, 2018 08:00 ደ/ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ቀዳም ሕዳር 27, 2018 09:00 ደ/ሰዓት
መደብ: ኢቨንት ምዝግጃው/

ፃውዒት ጨረታ

ፃውዒት ፕሮሞተራት/መሸጣ ወኪላት ባዛር(Promotors/Sales Agents)

ቤት ምኽሪ ንግድን ዘፈር ማሕበራትን መቐለን ቤት ምኽሪ ዘፈር ማሕበራት መቐለን ብሓባር ንዘካይደኦ ባዛርን ኤግዜብሽንን "ፋሲካ ኤክስፖ 2018 " ሰላም ንምትእስሳር ንግዲ ብዝብል ቴማ ካብ 20 መጋቢት ክሳብ 01 ሚያዝያ 2018 ዓ/ም ተሳተፍቲ ባዛር(Exhibitors) ብናይ ባዕሎም ወፃኢ ሽፊኖም ኣተኣላሊኾም ከቐርቡልና ዝኽእሉ መተሓባበርቲ ፕሮሞተራት(Promoters) ወይ መተኣላለሽቲ ተሳተፍቲ(Sales Agents) ኣወዳዲረን ክቖፅራ ይደልያ::

ስለዚ ኣብ ምትእልላሽን ምቕራብን ተሳተፍቲ ኤግዝቪሽንን ባዛርን ነጋዶ /መፍረይቲ ክተቕርቡ እትደልዩ መተሓባበርቲ ኩነት፣ ፕሮሞተራትን ሽያጭ ወኪላትን ዝኾንኩምን ነዚ ተግባር'ዚ ዝምጥን ተመሳሳሊ ፍቓድ ዘለኩምን ክትወዳደሩ ንዕድም ::

ዘድልዩ ረቛሒታት

ሀ. 1. ናይዚ ግብሪ ዘመን ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎን TIN ዘለዎን

2. ቅድሚ ሀዚ በዚ ተግባር ዝሰርሖሉ ልምዲ ዝገልፅ መረዳእታ ዘቕርብ

ለ. ተወዳደርቲ ብኸመይ ኣገባብ ተሳተፍቲ ከምተቕርቡን/እተሳትፉን ከመይ ዓይነት ተሳተፍቲ(Exhibitors) ከምተሳትፉን ብንፁር መተግበሪ መርሃ ግብሪ ኣዳሊኹም ተቕርቡ

1. ብጭቡጥ እተምፅእዎም በዝሒን ዓይነትን ሕጋዊ ነጋዶ ተሳተፍቲ

2. እቶም ዝቐርቡ ተሳተፍቲ ዝሸጥሉ ዋጋ ትሕቲ መቐለ ስሩዕ ዕዳጋ ክሸጡ ምኺኖም እተረጋግፀሉን እትሕተተሉን መስርሕ ዘቕምጥ

3. ካብ እተቕርብዎም/እተሳትፍዎም ተሳተፍቲ ነጋዶ ካብ ዝርከብ ዝተፃረየ ትርፊ ምስ ቻምበራት እትወስድዎ/እትኸፈልዎ መጠን

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ብፅሒት(%)

4. ስፖንሰር ዝምልከት ዘተኣማምንን ክትግበር ዝኽእልን ትካልን ቤት ዕዮን ኣነፂሩ ብምቕራብ ካብዚ ዝብፅሖ መጠን ብፅሒት(%) ብግልፂ ዘቐምጥ

ሐ. ቻምበራት ንዝቐርቡ መወዳደርቲ ሓሳባት ሓቅነቶምን ክትግበሩ ዝኽእሉ ምዃኖምን ገምጊሙ ዝበለፀን ጠቓሚን ኣካይዳን ኣተገባብራን ብንፁር ዘቕረበ ወይ ዘቕርቡ ፕሮሞተራት/መቕረብቲ ተሳተፍቲ ይምልምላ

ተወዳደርቲ እዚ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ መወዳደሪ ሓሳቦም ብዝርዝር ኣነፂሮም ናብ ቤ/ፅ ንግድን ዘፈር ማሕበራትን መቐለ የቕርቡ፣ ቻምበራት ብዘጣየሸኦ ናይ ሓባር ኮሚቴ ኣቢለን ዕለት 27/03/2018 ዓ.ም ድ/ቀትሪ ሰዓት 8:00 ተዓፅዩ 9:00 ይኽፍተኦ::

ዝተሓረዩ ተወዳደርቲ ቻምበራት ብዘዳለወኦ ናይ ኣፈፃፅማ መተግበሪ ውዕሊ ይኣስሩ፣ በቲ ውዕሊ መሰረት ድማ ናይ ምትግባር ግቡእ ይህልዎም ::

ቻምበራት ነዚ ከይዲ'ዚ ነቲ ዝሓዘኡ ዕላማ ኣብ ምዕዋት ካሊእ ዝሐሸ ኣማራፂ እንተረኺበን ነዚ ጨረታ ውድድር ክስርዛ ወይ ብኽፋል ከመዓራርያ መሰል ኣለወን

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle